# *ውሳኔታት ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተ*
# *ከተማ ካርልስሩህን ከባቢኣን*

ሎሚ ዕለት 8 ታሕሳስ 2007፡ ተቐማጠ ከተማ ካርልስሩህን ከባቢኣን፡ ከምኡውን ነቲ ኣኼባ ማዕርግ ንኽውስኹሉ ካብ ራሽታት፡ ባደን ባደን፡ ማንሃይም፡ ብዩል ባደንን ፎርስሃምን ዝተሓወስዎ፡ ኣብ ትሕቲ "ቅድም ቀዳድም ውሕስነት ሃገር" "ንኹሉ እንተታት ድልዋት" "ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ" ዝብል ጭርሖታት፡ ንጽንዓትናን፡ ሓድነትናን ድሉውነትና ንመኸተን ዘንጸባርቕ፡ ብዝተፈላለዩ እዋናውያን ጽሑፋትን ግጥምታትን ዝተሰነየ ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ድሕሪ ምክያድ፤

ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ብግብረሽበራ ጠቒንካ፡ ሞራልን ፍናንን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ንምቑጻይ ስነኣእሙራዊ ኵናት ከተካይድ ምጽናሓን ምህላዋን ብምዕዛብ፤

ከደምቲ ጭፍራ ወያኔ፡ ብሰንኪ ስቕታ ሕብረተሰብ ዓለምን ምትብባዕ መንግስቲ ኣሜሪካን ሕጊ ብምጥሓስ፡ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ንኸየተግብር ዝገብሮ ዘሎ መሰናኽላት፡ ከምኡ'ውን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከርዕድን ክፈላልን ዝፈተነ እንተፈተነ፡ ክሰልጦ ስለዘይከኣለ፡ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ዘሰምዖ ዘሎ ናይ ኵናት ከበሮን ፈኸራን ብምስትብሃል፤

መንግስቲ ኤርትራ ብመደብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዘሰላስሎ ዘሎ ዕዉት ልምዓታዊ መደባት፡ ሓይልታት ምክልኻልና ድማ ምክልኻልን ምህናጽን ሃገር ብሓደ እዋን ብዘሰደምም ጽንዓትን ተወፋይነትን ዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ብኣድንቖት ብምዕዛብ፤

እዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ነሕልፍ፤

*1. ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ውዕል ኣልጀርስን ብይን ኮሚሽን ዶብን እንተዘይኮይኑ፣ ብኻልእ መተካእታ ንምፍትሑ ዝግበር ፈተነታት ኩሉ ኣጥቢቕና ንኹንን*

*2. ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሑጻ ዘይኮነስ ኣብ ከውሒ ስለዝኾነ ሰረቱ፡ ንምብትታኑ ዝግበር ከንቱ ፈተነታትን ሕልምታትን በኒኑ ከምዝተርፍ ነረጋግጽ*

*3. መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ኣብ ሱዳንን ሶማልን ድማ ብፍላይ፡ ምርግጋእን ናይ ሓዋሩ ሰላም ንምርግጋጽን ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪን ኣተሓሕዛን ነሞጕስ*

*4. ህዝቢ ኤርትራ ቀዳማይ ግዳይ ግምረሽበራ ክነሱ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ናይ ግብረ ሽበራ ጸለመ ንኹንን*

*5. መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ክኽተሎ ዝጸንሖ ግጉይ ፖሊሲ ኣብቂዑ፥ ኣብ ሽርክነት ዝተመርኮሰ ክልተኣዊ ዝምድና ክካይድ ንጽውዕ*

*6. ህዝቢ ኤርትራ ካብ ድኽነትን ድንቁርናን ሕማምን ንኽገልጋል ዝካየድ ዘሎ ዕውት መደባት ልምዓት ዋርሳይ ይከኣሎ ነምጉሱ*

*7. ሓይልታት ምክልኻልና፥ በቲ ሓደ ወገን ሃገሮም ንኽይትድፈር ኣብ ሓለዋ እንዳተረኽቡ በቲ ሓደ ወገን ድማ ሃገር ንምህናጽ ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይሕለል ጻዕሪ እንዳድነቕና፥ ኣብ ጎድኖም ከምዘለና ነረጋግጽ*

*8. ጭፍራ ወያኔ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንኽፈላሊ ዘካየዶ ኩሉ ፈተነታት ከንቱ ምዃኑ ፈሊጡ፥ ሕጂ ናይ ዓቕሊጸበት ናይ ኰናት መደረን ኮቦሮን እንተሰመዔ፥ ከምቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝብና፥ ንሕና ኣብ ወጻኢ እንርከብ ኤርትራውያን'ውን፥ ድምብርጽ ከይበለና፤ ንኹሉ ክመጽእ ዝኽእል ተጻብኦታት ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ሓይልታት ምክልኻልናን ኮይና ንኽንምክት ድልዋት ምህላውና ደጊምና ደጋጊምና ነረጋግጸሎም*

/ *ኤረናያ ብሌን ዓይንና፥ ሓድነትና ድማ ጽንዓትና*

/ *ብደም ጀጋኑ ንዝተሃንጸት ሃገርና ዝደፍር ወገን፥ ወይልኡ*

/ *ሎሚ'ውን ከም ትማሊ "ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ"*

**ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና**

**ዓወት ንሓፋሽ**

**ካርልስሩሀ/ጀርመን**
08 ታሕሳስ 2007

**ኣሰናዳኢት ኮሚቴ፥**

| | | |
|---|---|---|
| *ማሕበረ-ኮም* | *ሃ.ማ.ደ.ኤ.* | *ህ.ግ.ደ.ፍ.* |
| *ካርልስሩሀን ከባቢኣን* | *ካርልስሩሀ* | *ጉጅለ ካርልስሩሀ* |